# መግለጺ ሓዘን ብምኽንያት መስዋእቲ ሓርበኛ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፍሊፖ)




ብመስዋእቲ ክቡር ኣቦናን ኣያናን ሓርበኛ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፍሊፖ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ብስም **መዓልቲ ጀበርቲ** ክንገልጽ ንፈቱ። ምፍላይ ናይቲ ኣብ ልብና ፍሉይን ዕዙዝን ቦታ ዘለዎ ሓርበኛ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፍሊፖ) ኣብ ቃልስን ታሪኽን ኤርትራ ዓቢ ክፍተት ዝገድፍ እዩ። ሓርበኛ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ህይወቱ ንቓልስን ፍትሕን ዘወፈየ፣ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝተጣበቐን ዝሰርሐን፣ ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገርና ወሳኒ ኣሰር ዝገደፈ፣ ታሪኽ ዝሰርሐን ዘውረሰን ኣቦ ሓቅን ፍትሕን'ዩ። ብፍላይ ኣብ ቃልሲ መንነት ሕብረተሰብ ጀበርቲ፣ ማዕርነት ኩሉ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣሚኑ፣ ንታሪኽን ሓቅን ተገንዚቡ፣ ንነዊሕ ዓመታት ኣወንታዊ ድጋፍን ምትብባዕን ብምርኣዩ ኣብ ልዕሊኡ ንዘለና ክብሪ ዓጸፌታ ዘውሰኽ እዩ። ከም መርኣያ ናይቲ ወትሩ ንመሰርሕ ቃልሲ ዘለዎ ቅሩብነትን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኤርትራዊ ዘለዎ ኣኽብሮትን ኣብ መዓልቲ ጀበርቲ 2019 ጀርመን ተሳቲፉ ንመደብ ብኽብሪ ድሕሪ ምኽፋቱ፣ ታሪኽ ኣቦታትን ቃልስን ኣዘንትዩን ኣካፊሉን። እታ ልቢ ኩሉ ተሳታፋይ ዝነኸአት ናይ ጻውዒትን ለበዋን ግጥሙ ብኽብሪ ተዓቂባ ኣብ ታሪኽና ተሰኒዳ ክትነብር እያ። ሓርበኛ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ንዓና ኣብነት ቃልስን ኣቦ ሃገራዊ ስኒትን እዩ። እታ ዝፈትዋን ዝናፍቓን ሃገሩ ከይረኣየ ምፍላዩ ወላ'ኳ ከቢድ ሓዘን ዝገድፈልና እንተኾነ፣ ከምታ ለበዋኡ ሓደ ኣካል ኰንና ክንሰርሕን ሸግ ፍትሒ ኣብ መዓልቦኣ ከነብጽሓን ሞራላዊ ሓላፍነት ዘሰክመና ኣጋጣሚ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ንስድራቤት ሓርበኛ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ከምኡ'ውን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ንተቓለስቲ ፍትሒ ጽንዓት ይሃብ ክንብል ንፈቱ። ታሪኽን ስምን ኣያና ሓርበኛ ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ንዘልኣለም ተዘኪሩ ይንበር።

**መዓልቲ ጀበርቲ**

**27/09/2019**